# ፩ ሰንበት ዘፍልሰታ

## ፫ ነሓሰ 2016 ዓ.ም.(8/11/2024 ዓ.ም)

ተጋብኡ በቅጽበት ለግንዘተ እሙ ቅድስት ብፁዓን ሓዋርያት ቦኡ ኃቤሃ በሰላም አምጉ ኪያሃ በስብሓት ገነዙ ሥጋሃ (ዚቅ ዘፍልሰታ)።

መዝሙር፡ ዮም ንወድሳ ለማርያም...በቲ ካብአ ዝተወልደ መንክር ግርማ ኀይለ ልዑል ዘጽልላ ኀይታ ሰንበት አቦ ምሕረት ዝኾነ ሎሚ ንማርያም ንውድሳ አብ ማሕጸና ጾሮቶ። ንሱ ቀደሳ ዘገርም ኃይሊ ልዑል አጽለላ ብሓቂ መላእኽቲ ዓጀብዋ።

ንባባት፡ ኤፌ 4፡17-24፥ 1ጴጥ 1፡6-12፥ ግ.ሓ. 1፡12-15፥ ዮሓ 6፡24-35

ምስባክ፡ እምነ ጽዮን ይብል ሰብእ ወብእሲ ተወልደ በውስቴታ፥ወውእቱ ልዑል ሣረራ አሕዛብ አብአ ስለ ዝተወልዱ አደና ጽዮን ይብልዋ፥እቲ ልዑል ኸጽንዓ እዩ መዝ.87፡ 5።

ካብ 1-16 ነሓሰ ዘሎ ጊዜ ብፍሉይ ንዝኽሪ ፍልሰታ ለማርያም ብጸሎትን ምህልላን ጾምን ነሕልፎ እዋን እዩ። ጾመ ፍልሰታ ወይ ጾመ አርድእት እውን ይብሃል እዩ። ምእንቲ ክብሪ ማርያም ብጾምን ብምህልላን ናብ ብዓል ፍልሰታ ንምስንዳው እንገብሮ ክልተ ሳብዕቲ እዩ። ድንግል ማርያም ከም ወዳ ብሥግአ እውን ካብ ሙታን ከም ዝተንስኤት እሞ ብመላእኽቲ ተዓጂባ ናብ ሰማይ ከም ዝፈለሰት ዘኪርና ነብዕሎ።

ተራ ማርያም አብ ድሕነት ፍጡር ወዲ አዳም ክሳብ ክንደይ ዓቢ ቦታ ከምዘለዎ ክንገልጽ ኢልና በብእዋኑ ዝተፈላለዩ ብዓላት ማርያም ነኽብር። ፍልሰታ ሓደ ካብቲ ብዙሕ ፍሉይ ዝገብሮ አምላኽ አደ ወዱ ክትከውን ዝሓረያ ምድራዊ ሕይወታ ምስ ወድአት ብኽብሪ ብሥግአን ብነፍሳን አብ ክብሪ ዝፋኑ ከም ዘእተዋ ዝሕብር እዩ።

ብናይ ማርያም እሽታ ክርስቶስ ከማና ኮይኑ አድኂኑና። አብ ናይ ሎሚ ሰንበት ንባባትና ከም እንርእዮ ሓደ ካብቲ ፍሉይ ህያባት ክርስቶስ ዝሃበና ሥጋኡን ደሙን እዩ። ሰብአዊ ባህሪ ኩሉ ካብ ማርያም ወሲድዎ ክርስቶስ ምድራዊ አቦ የብሉን ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ማርያም ተወሊዱ ስለዚ ንክርስቶስ ሓደ ካብቲ ካባና ፍሉይ ዝገብሮ ከማና ብሰብአዊ ዘርኢ አይተጸንሰን ብስራሕ መንፈስ ቅዱስ አብ ከርሲ ማርያም ሓዲሩ ተጸኒሱ ተወሊዱ፥ ማርያም እምብአር ኹሉ ናታ ዝኾነ ሂባቶ። ኩልና ንወለድና ንመስል ሰባት ብመልክዕና የለልዩና ወዲ እገለ/እገሊት እናበሉ የለልዩና ኢየሱስ መልክዑ ንማርያም እዩ ዝመስል በዚ ይኸውን ደቂ ናዝሬት እዚስ እንፈልጦ ዘይኮነን አዲኡ ማርያም እንድያ እናበሉ ዘለልይዎ ዝነበሩ። ንኢየሱስ ዝርአ ንማርያም ይርኢ።

አብ ናይ ሎሚ ወንጌል ኢየሱስ ናይ ሕይወት እንጌራ አነ እየ እቲ ናባይ ዝመጽእ አይኪጠምን፥ እቲ ብአይ ዝአምን ድማ ኮቶ አይኪጸምእን እዩ (ዮሓ 6፡35) ዝብል ነንብብ። ሰብ ሕይወት ክህልዎ ካብቲ ኢየሱስ ዝህቦ መግቢ ክምገብ አለዎ። ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ ዝሰቲ አባይ ይነብር አነ ኸአ አብኡ እነብር ይብለና። እዚ ነቲ አብ መአዲ ቅዱስ ቁርባን እንሳቶፎ እዩ ዝነገር። አብ መአዲ ቅዳሴ ብምሉእ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ንካፈል ምስኡ ምሉእ ሓድነት ረኺብና ብኹሉ ንዓግብ ምኽንያቱ አምላኽ ብርእሱ ምሳና ስለ ዘሎ። አብ አምላኽ ሓድነት ክህልወና እንከሎ ጥራሕ እዩ ሕይወትና ዕግበትን ቅሳነትን ተስፋን ዝረክብ። አምላኽ ምስኡ ዘሎ ሕይወት ዝጸገመ እንተ ጸገመ ተስፋይ አይቆርጽን እዩ ኩዋ ጸበባን ውርደትን ዘሎ ብርሃን ሰላም ርእዩ ስለ ዝኽእል ነቲ ጊዝያዊ ጸበባ ይጾሮ ይቅበሎ።

ሕይወት ማርያም ብምልኡ ናይ እዚ ኣብነት እዩ። ንሳ ኵሉ ዝኸውን ብኣምላኽ ዝተባህላ ምስ ሰምዐት ኣሚና ተቐቢላቶ። እምነት መበገሲ ናይ ኩሉ ጉዕዞ ርክብና ምስ ኣምላኽ እያ፥ እምነት ዘይብሉ ርክብ ኣብ ባዶ እዩ ዝነብር። ማርያም ከስ ሕይወታ ምስ ምሉእ እምነት እያ ተጓዒዛ። መከራ ኣብ ምጽናስ ወዳ እዩ ጀሚርዋ፥ ዮሴፍ ክፈትሓ ወሲኑ ግን ነገሩ ብመልኣኽ ምስ ተነግሮ ኣሚኑ ተቐቢልዎ፥ ነፍሰ ጾር ኮይና እትሓርሰሉ ቦታ ኣይረኸበትን ወዮ ወዲ ኣምላኽ ኵሉ ዝኽእል ዝውለደሉ ቦታ ስኢኑ፥ ወዳ ምስ ወለደት ገዛእ ሃገር ክቐትሎ ስለ ዝደለ ንስደት ንዓዲ ጓና እሞ ዕሸል ወዳ ሒዛ ሃዲማ፥ ኣብ ስብከቱ ዝጀመረሉ ኵሎም ከዋርድዎ ገለ ጋኔን ሒዝዎ ክብልዎ ገለ ኸኣ ኃጢኣተኛ ክብልዎ ትሰምዕን ትርእን ነራ፥ ኣብ መወዳእታ ኣብ መስቀል ጨካን ሞት ከመውት እንከሎ ኣብ ጎኑ ደው ኢላ ናይ ወላዲት ንብዓት እናበኸየት ኣሰንያቶ ነዚ ኹሉ ብእምነት ስለ ዝተጓዕዘት ክትሓልፎ ክኢላ።

ማርያም ኢየሱስ ወዳ መድኃኔ ዓለም ምኧኑ ስለ ዝኣመነት ንዝወረደ ፈተና መከራ ስደት ሞት ተቐቢላቶ። ኩሉ ብመንጽር ወዳ ርእያ ስለ ዝኸኣለት ክትቅበሎ ኣይ ከበዳን። ንሳ ምስ ወዳ ሓድነት መንፈስን ድለትን ነርዋ። ሕይወታ ብምልኡ ናቱ ስለ ዝገበረቶ ምስኡ ፍሉይ ርክብ ኣለዋ። ናይ ማርያም ርክብ ምስ ኢየሱስ ብፍላይ ከኣ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ክንርእዮ ከሎና ኣብ ክልተ መሰረታውያን ነገራት ዝተመስረተ እዩ።

- ፩ያ ቀጻልነት ምስጢረ ሥጋዌ፥ ከምቲ ወንጌላዊ ዮሓንስ ዝብሎ ኣብ መንጎ ቃልን ሥጋን ክፈላለ ዘይክእል ርክብ ተፈጢሩ (ዮሓ 1፡14)፥ እዚ ሥጋ እዚ ኸኣ ንዓለም ሕይወት ዝህብ እዩ (ዮሓ 6፡51)። ኣብ ምስጢረ ሥጋዌ መሰረት ገርና ድንግል ማርያም ካብኣ ቃል ሥጋ ዝለበሰ ብግድነት ምስ ቅዱስ ቍርባን ዘራኽብ ኣልኣ። ቅ. ኣጎስጢኖስ ነዚ ክገልጽ እንከሎ ካብ ሥጋ ማርያም ሥጋ ለቢሱ፥ በዚ ሥጋ ኣቢሉ ኣብዚ ምድራዊ ሕይወት ይነቀሳቐስ ነሩ፥ ደቂ ድኅነት ምእኒና ክነረጋግጽ ካብ ሥጋኡን ደሙን ክንበልዕን ክንሰትን ነጊሩና፥ እንተ ኾነ ካብዚ ሥጋ ዝበልዕ ግድነት ኣቐዲሙ ከመስግንን ክውድስን ኣለዎ፥ንኡ እና ኣመስገና ክንኃጥእ ኣይንኽእልን ኢና፥ እንተ ዘየመስገና ወይ ኣኽበርና ግን ንኃጥእን ይብል።
- ፪ይ መሰረታዊ ነገር ቅዱስ ቁርባን (ለዋጢ ቅዳሴ) ዝኽሪ ሞት ክርስቶስን ነቲ ኣብ ቀራንዮ ዝኾነን እዩ፥ ዮሓንስ ከም ዝብሎ ማርያም ኣብ ትሕቲ መስቀል ኢየሱስ ነራ። ኣብዚ እንርእዮ ማርያም ኣብ መስዋዕቲ ክርስቶስ ንሰማያዊ ኣብኡ ብምስታፉ ንሳ እውን ኣብ ሰማያዊ ኣቦ ንርእሳ ከም መስዋዕቲ ተቐርብ ነራ። ድንግል ማርያም ከስ ብግድን ኣብቲ ምስጢር ቅዱስ ቍርባን ከም ምስጢር መራኸቢ ነራ እያ። ስለዚ ማርያም ኣብ ምስጢረ ሥጋዌ ካልኣይ ኣካል ቅድስት ስላሴ ብምስታፉን ከምኡ ኣብ ቀራንዮ ዝዓረገ መስዋዕቱ ብምስታፉን ብፍሉይ መገዲ ኣብ ቅዱስ ቍረኣብን ፍሉይ ርክብ ኣልኣ።

ብዙሓት ቅዱሳን ኣበው ቤተ ክርስትያን ንምስጢረ ሥጋዌ ምስ ምስጢረ ቅዱስ ቍርባን ዘለዎ ምትእስሳር ኣብ ትምህርቶም የዘውትርዎ። ቅዱስ ጴጥሮስ ክርስቶሎጎስ ዝተባህለ ከምዚ ይብል እንገራ ኣብ ከርሲ ድንግል ዝተዘርኣ፥ ኣብ ሥጋ በኹዑ፥ ኣብ ሕማማቱ ተሓስዩ፥ ኣብ መቓብር ተጋጊሩ ኣብ ቤተ ክርስትያን መጺኡ ኣብ መንበረ ታቦት ተቐሚጡ ዕለት ዕለት ንምእመናን ሰማያዊ መግቢ ኮይኑ። ኣብ መጽሓፍ ቅዳሴና ኣብ ኣኾቴተ ቍርባን ጎስዓ ልብየ ኦድንግል መፍረይት ለእንተ ይትበላዕ ወመንቅዕት ለእንተ ይሰተይ። ኦኅብስት እንተ እምኔኪ ለእለ ይበልዑ በኣሚን ሕይወት ውእቱ ወመድኃኒት ውእቱ. . . . . ኦ ጽዋዕ እንተ ምኔኪ ለእለ ይሰትዩ በኣሚን ዘያኅሥዕ ጥበበ ወይሁብ ሕይወተ እናበለ ናይ ማርያምን ቅዱስ ቍርባንን ምቅርራብ ይገልጽ።

ቤተ ክርስትያንን ቅዱስ ቍርባንን ክልተ ክፈላለዩ ዘይክእሉ እዮም፥ ልክዕ ከምኡ ኸኣ ማርያምን ቅዱስ ቍርባንን። በዚ ምኽንያት እዩ ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ኣብ ምስርቐ ይኹን ኣብ ምዕራብ ማርያም እትዝከር። ወላ እኳ ኣብ ወንጌላውያን ብዛዕባ ማርያም ኣብ ጸሎተ ሓሙስ ምንባርን ዘይምንባራን ኣይጥቀሱ እምበር ኣብ ድሕሪ ዕርገት ዘሎ እዋናት ምስቶም ሓዋርያት ኮይና ኣብ ምቁራስ እንገራ ትሳተፍ ከም ዝነበረት ከምኡ

ኣብ ጸሎታ ምስኦም ትጽሊ ከም ዝነበረት ኣብ (ግ.ሓ. 1፡14፥ 2፡42) ንርኢ። ማርያምከስ ኣብ ምሉእ ሕይወታ ፍሉይ ርክብ ምስ ቅዱስ ቍርባን ዘልአ እያ። ወላ ቅድሚ ቅዱስ ቁርባን ምስርዑ ንሳ ነቲ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ዘሎ እምነት ትነብሮ ነራ ምኽንያቱ ንጹሕ ማህጸና ንሥጋዌ ቃል ኣምላኽ ኣወፊያ እያ። ኣብ መስዋቲ ቅዳሴ ንሕማማትን ትንሣኤን ክንዝክር ከሎና መቐጸልታ ናይ ትስብእቱ እዩ።

ገብርኤል መልኣኽ ከበስራ እንከሎ ማርያም ንወዲ ኣምላኽ ጸኒሳ ብኣካል ሥግኡን ደሙን ጸኒሳ እዚ ኣቐዲሙ ነቲ ነፍስወከፍ ኣማናይ ሥጋኡን ደሙን ዝቕበሎ እዩ ዝሕብር። ከምቲ ማርያም ንወዲ ኣምላኽ ክትጸንስ ሕራይ ዝበለት ሥጋን ደምን ዝቕበል ከኣ ኣሜን እናበለ ይቕበል። ማርያም ቃል ኣብ ከርሣ ምስ ኃደረ ታቦቱ ኮይና ንሕና ንቅዱስ ቍርባን ክንቅበል ከሎና ታቦቱ ንኸውን።

ሓደ ካልእ ኣብ ወንጌል ዮሓንስ (2፡5) ኣብ መርዓ ቃና ዘገሊላ ኣብ ዝተገብረ ተኣምራት ማርያም ነቶም ጠዓጣቐ ዝበለኩም ግበሩ ትብሎም እዚ ምስቲ ኣብ ጸሎተ ሓሙስ ነርድእቱ እዚ ንዝኽረይ ግበርዎ ዝብል ይመሳሰል።

ኣብ ጎቦ ቀራንዮ ክስዋእ እንከሎ ኣብ ጎኑ ደው ኢላ ዝነበረት ኣብ ኵሉ ንዝክሩ ዝግበር መስዋዕቲ ምስኡ ደው ኢላ ንመስዋዕቲ ቤተ ክርስትያን ተዕርግ። ኣብ መስዋዕቲ እንከሎ እዩ እዚኣ ኣደኹም ኢሉ ዝሃበና ስለዚ ኣብ መስዋቲ ቅዳሴ ክንእከብ እንከሎና ማርያም ምሳና ኣላ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ምህልላን ጸሎትን ጾምን እንከሎና እምብኣር ንማርያም ኣደና ብኹሉ ደቃ ክንከውን ንሱ ዝበለኩም ግበሩ ክትበልና እንከላ ንድላይ ወዳ ክንገብር ብፍላይ ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ክንእከብ ከሎና ልብና ኣንጺሕና ታቦቱ ማኅደሩ ክንከውን እሞ ክንቅደስ። ነፍሲ ወከፍና እንተ ተቐደሰ ዓለምና ሰላም ፍቕሪ ክወርዶ እዩ እሞ ሰኣሊ ለነ ማርያም ኃበ ፍቅር ወልድኪ መድኃኔ ዓለም ንበላ።

ቅድስናን ስሬት ኃጢአት ዘውርድ ጾመ ፍልሰታ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ